# ናብ ናይ ሕጻናትን እግሪ ተኸልትን ኣቐዲምካ ደገፍ (ESIT) ዝግበረሉ መምርሒ ስድራ ቤታት



እቲ ESIT ፕሮግራም ስድራ ቤትካ ድሕንነትን ጥዕናን ክህልዋ እዩ ዝደሊ። እቶም ክርእዩኻ ዝመጹ ኣቕረብቲ ኣገልግሎት ነቲካብ መንግስትን ካብ ትካሎምን ዝመጽእ መምርሒታት ክስዕብዎ እዮም።

## ናብ ናይ ብሕትና ኣገልግሎት ክንሰግር የድልየና ድዩ?

ንውሉድካን ንስድራ ቤትካን ዘድልዮም ነገራት ካብ ዝኾነ ይኹን ንላዕሊ ትፈልጦ ኢኻ ናብ ናይ ብሕቲ ኣገልግሎት እትሰግረሉ ግቡእ ግዜ ድማ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ኣተሓባባሪ ስድራ ቤትካን ካልኦት ኣቕረብቲ ኣገልግሎትን ብዛዕባ ኣማራጺታትካ ክመያየጡ ቅሩባት እዮም።

## እንታይ ኣማራጺታት ኣለዉ?

ስድራ ቤታት ዝተፈላለየ ኣማራጺታት ኣገልግሎት ኣለወን። ንኣብነት ከምዚ ትብል ትኽውን፡-

- ኣገልግሎት ተሌፎን ምቕጻል
- ኣቕራቢ ናብ ገዛኻ ክመጽእ ምምራጽ
- ኣብ ከም መናፈሻ ወይ ድሕሪት ገዛኻ ዝኣመሰለ ኣብ ግዳም ዚርከብ ቦታ ምስ ኣቕራቢ ኽትራኸብ ምምራጽ
- ወይ ካብዞም ኣማራጺታት ዝደለኻዮም ኩሎም፣

## ኣብ እዋን ብሕታዊ ኣገልግሎት መሸፈኒ ገጽ ክገብር ዘድልዮ መን እዩ?

እቶም ኣቕረብቲ ኣብ ገዛኻ መሸፈኒ ክገብሩ እዮም። ቕድሚ ኣብ ገዛኻ ምብጻሕ፣ ንውሉድካ እቲ ኣቕራቢ መሸፈኒ ምስ ገበረ እንታይ ከም ዝመስል ምእንቲ ኽተርእዮ ምስ ኣቕራቢኻ ብቪድዮ ምድዋል የድልየካ ይኾን። መሸፈኒ ንኹሉ ሰብ ካብ ሓደጋ ከም ዝዕቍቦ ንውሉድካ ግለጸሉ። እቲ ናይ ብሕቱ ኣገልግሎት ዝቕበል ዘሎ ውሉድካ መሸፈኒ ክገብር ኣየድልዮን እዩ። ይኹን እምበር ንስኻን ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ካልኦትን መሸፈኒ ክትገብሩ ኽትሕተቱ ኢኹም።

## እቲ ኣቕራቢ ናብ ገዛና ክመጽእ ከሎ እቲ እንገብሮ ምይይጥ ከም ቀደሙ ክኸውን ድዩ?

ናብ ናይ ብሕቲ ኣገልግሎት ክትሰግር እንተ ወሲንካ እቲ ኣቕራቢኻ ንድሕንነት እቲ ትካል ዘድልዮ ብቕዓታት ክምርምርን እንታይ ከም ዝመስል ክገልጽን እዩ። እዚ ብቕዓታት እዚ ኣብ ፈለማ ዝተፈልየ ስምዒት ከም ዝስምዓካ ዝገብር እኳ እንተ ኾነ ንድሕንነትካ ግና ዝሕግዝ እዩ። እቲ ኣቕራቢ ኣገልግሎትካ ናይ ብሕቲ ኣገልግሎት ዝህብ እኳ እንተ ኾነ እቲ ኹነታት ምስቲ ቕድሚ እቲ ለብዒ ዝነበረ ሓደ ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። ንስኻን ውሉድካን ክትብጽሑ ኸለኹም ምቾት ክስመዓኩም ኣገዳሲ እዩ።

## ዝያዳ ሕቶታት?

ነቲ ናይ ውሉድካ ናይ ዕቤት ሽቶታት እናዓየና ንስድራቤትካ ድሕንነት ከም እትረክብ ዝገብር ኣማራጺታት ንምርካብ ቈሪጽና ኢና። ገለ ሕቶታት እንተ ኣልዩካ ብኽብረትካ ንኣቕራቢ ኣገልግሎትካ ወይ ንኣተሓባባሪ ስድራ ቤትካ ሕተቶ።

---

*ቅዳሓት እዚ ሰነድ እዚ ብኻልእ መልክዕ ወይ ቋንቋ ኽትረኽብዎ እንተ ደሊኹም በጃኹም ምስ DCYF Constituent Relations (1-800-723-4831 | 360-902-8060,* ***ConstRelations@dcyf.wa.gov****) ርክብ ግበሩ።*

DCYF PUBLICATION FS_0059 TI (04-2021) Tigrinya